# ዕዉት ኣኼባ ህዝባዊ መኸተ፣ ከተማ ፊላደልፊያን ከባቢኣን!!

ኤርትራውያን ተቀማጦ ከተማ ፊላደልፊያን ከባቢኣን፣ እቲ ብ23 መጋቢት 2013 ዝተቓነ0 ኣኼባ ህዝባዊ መኸተ፣ ከም ወትሩ ብዓውት ተዛዚሙ።

ነቲ ኣኼባ ብጻይ ኣለም ገብረመድህን፣ ብዝኽሪ ስዉኣት ኸፊቱ፣ ናይ እንቛዕ ድሓን መጻእኹም ሰላምታ ኣማሓላሊፉ፣ ዕዱማት ኣጋይሽ ምስ ኣፍሊጡ፣ ቀንዲ መዛተዪ ዛዕባታት ንኣኼበኛታት ኣላልዩ ምስ ከፈቶ፣ መድርኽ ንብጻይቲ ፍረወይኒ ተኸስተ ኣማሓላለፎ።

ብጻይቲ ፍረወይኒ፣ ብዛዕባ ንጥፈታ ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ መኸተ ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ንኣቃውምኡን ቅርጹን መደባቱን፣ ካብ ዝብገስ ኣትሒዙ ክሳብ'ዚ ሒዝናዮ ዘሎና ወቕቲ፣ ዘሰላሰሎ ዕዉት ንጥፈታት፣ እንታይ ከም ዝመሰል፣ ብፍላይ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ ሰለስተ ዓመታት ኣብ ምፍሻል እቲ ዘይፍትሓዊ እገዳ፣ ህዝብና ኣብ ጎድኒ መንግስቱ ኮይኑ ዘርኣዮ ሓያል ዘገርምን ተሳትፎ፣ ከም ውጽኢቱ ድማ፣ እቲ ብጉዳይ ሶማል ኣመሳሚስም ጭብጢ ዘይተርኽቦ ክስታት፣ ሎሚ ኣብ ምህሳሱ በጺሑ ከም ዘሎ፣ እዚ ይኹን ድኣ እምበር፣ ሕጂ'ውን ካልእ ሓድሽ መሰል ማእለማታት ከባጋግግሱ ኣንቂዶም ከም ዘለዉ ገሊጻ። ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ መኸተ እውን ማዕረ-ማዕሪኡ፣ ከም'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ግዝያት ዘርኣዮ ስርሓት፣ ሕጂ እውን ሜላታትን መደባትን ሓንጺጹ ክገጥሞ ምዃኑ፣ ኲሉ ዜጋ ክዳለወሉ፣ ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ዝስምዑን ፖለቲካዊ ጽልዋ ዘለዎም ኣለልዩ፣ ኣብ ጎድንና ጠጠው ክብሉ ነፍሲ-ወከፍና ክንጽዕረሉን፣ ኣተሓሳሲባ።

ድሕሪ'ዚ ፕሮፈሰር ኣስመሮም ለገሰ፣ ነቲ ተዳልይሉ ዝነበረ ኣርእስቲ፣ "ቀንዲ መዐቀን መምዘንን መሰላት ደቂ-ሰብ፣ እንታይ-እንታይ'ዮም" ዝብል ሰሚናር ክህብዩ ተዳልዩ።





ብኡ መሰረተ ድማ፣ ንመግለጺኡ፣ ምስ ናይ ኤርትራ ወጻኢ ዝምድናን፣ ተራ መራኸቢ ብዙሓንን ዲፕሎማሲያዊ ንጥፋታትን ኣዛሚዱ፣ ኣብ'ቲ ቀንዲ ሓቀኛ ትርጉም ሰብኣዊ መሰል ደቂ-ሰብ፣ ብስነ-ፍልጠታዊ መዐቀኒኡ ኣሳንዩ፣ እዚ ኣብ ሃገርና ዝካየድ ዘሎ ኩለ መዳያዊ ኣተሓሕዛ፣ ናብ ጽቡቕ ኣንፈት ክኸይድ ከምዝጸንሐ፣ ሰፊሕን ምዕሩይን ዝርግሐ፣ ኣብ ማሕበራውን ቁጠባውን ተሳታፍነት ህዝቢ፣ እቲ መንግስቲ ኣተኣታትይዎ ዘሎ ፖሊሲ ናይ ነብስኻ ምኽኣል፣ ህዝቢ ካብ ተጸባይ ረድኤት ነጻ ክኽውን፣ ዘድለዮ ተክኒካውን ንዋታውን ሓገዝ ብምሃብ፣ ንሓዋሩ ምሉእ ነጻነት ዘውሕስ ሜላ ምዃኑ ኣስሚርሉ። ህዝቢ ኤርትራ ድማ ግዳይ ናይ ግዳማውያን ተጻባእቲ ዘኾኖ፣ ካልእ ኣበሳ ሃልይዎ ዘይኮነስ፣ ነዚ ጥዑይ ፖሊሲ መሪጹ ብዘይ ግዳማዊ ኣደራዕ ህይወቱ ክመርሕ ስለ ዝመረጸ ጥራይ እዩ፣ እዚ ኸኣ እዩ ከም ኣበሳ ተወሲዱ ክግፋዓሉ ዝተፈርደሉ። ብተወሳኺ፣ ኣብ ግዜ ወራር ወያነ ድሕሪኡን፣ ብኩነታት እቶም ብኢ-ሰኣብዊ ግፍዕታት ካብ ምሉእ ኢትዮጵያ ተሓፊሶም እተሰጉ ኤርትራውያን ዜጋታት፣ ዘካየዶ ጽዒይ መጽናዕቲን፣ ብጉዳዮም ኣብ እተፈላለየ መጋባእያታት እናተዘዋወረ፣ መሰሎም ዝገሃሰ ኣረሜናዊ ስርዓት፣ ክኹነን፣ ዝግብኦ ፍርዲ ክውሃቦ፣ ናቱ ተመክሮን፣ ዘጋጥም ዝነበረ ዕንቅፋታትን፣ ወያንን እዘን ሎሚ ተጣበቕቲ መሰል ወዲ ኣዳም ዝመስላ ማሕበራት፣ ዘርእይኦ ዝነበራ ምስምስ፣ ዋላኳ፣ ነቲ ሓቀኛ ሰነድ ትሕዝትኡን ቅንዕነቱን ሓቅነቱን እንተዘይከሓዳ፣ እቲ ሽው ዘርኣየኦ ሻራን ኣድልዎን ብጋህዲ ከም እተራእየ ኣብሪሁ። ላዕለዋይ ኮምሽነር ስደተኛታት፣ ነቲ ኣብ ልዕሊ ዜጋታትና ካብ 1950 ጀሚሩ ብተኸታትታሊ ክወርድ ዝጸንሐ ግፍዕታት ዝኾነ ስጉምቲ ካብ ምውሳድ ተቖጢቡ ጸኒሑ'ሎ። ሕጂ'ዉን እንተኾነ ኣብ'ዚ ዘለናዮ ኩነታት መንእሰያትና ዘጋጥሞ ዘሎ ኣሰቃቒ ተግባራት፣ ከምዘይርኣየ ክሓልፎ ጸኒሑ። ስለዚ ነዚ ሕጂ መንግስቲ ኤርትራ ኣቕሪብዎ ዘሎ ሕቶታ፣ ምትሕብባሩ ከርኢ፣ እወታዊ መልሲ ክህብ፣ ግቡእ ሓላፍነታዊ ተራኡ ክጻውት ይግብኦ፣ ብምባል ከም ወትሩ፣ ነቲ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ተጋድሎና ሓቢርና ተቓሊስና ዘመዝገብናዮ ዓወታት፣ ሕጂ እውን፣ ህዝብን መንግስትን ከም ቀደሙ፣ ኣብ ዜናውን ህዝባዊ ዲፕሎማሲያዊ ንጥፈታትን፣ ጽቡቕ እኳ ንስጉም እንተሃለና፣ ምስቲ ዝገጥመና ዘሎ ናይ ተጻባእቲ ቀጻሊ ህልኻት፣ ብዝሓየለ ክስርሓሉ፣ ከም'ቶ ናይ ዝሓለፉ እዋናት፣ ንኹሉ ብድሆታት ተገጢሙ እተሳዕረ፣ ሕጂ'ውን ዓወታት ክድገም ከምዝከኣል ኣዘኻኺሩ።

ፕሮፈሰር ተስፋይ ኣርዓዶም ብግዲኡ፣ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ናይ 22 ዓመታት ናጽነት፣ ኣብ ሃገርና ተመዝጊቡ ዘሎ ቁጠባውን ማሕበራውን ፖለቲካውን ሱር-በተኻዊ ገስጋስ፣ ምስ'ቲ ዝነበረ ትንፋስ ዘይህብ ዝተፈላለየ መሰናኽላት ከይተገታእና፣ ብብልሒ መኣዝና ከየጥፋእና፣ ብእተኻየደ ድርብ ርብርብ ሎሚ ኣብ ሃገርና ኤረትራ፣ ንድሕሪት ዘይምለስ፣ ድልዱል ዝሰረቱ ቁጠባዊ ለውጢ፣ ማሕበራዊ ፍትሒ ዘንግስ፣ ቅሳነት ዝህብ ባይታ ተንጺፉ ኣሎ።

እቲ፣ ነዚ ትእምርቲ'ዚ ዘርጋግጸ መንግስቲ ኤርትራ፣ በቲ ቅኑዕን ፍቱንን ናይ ርእስኻ ምኽኣል ክልሰ-ሓሳባዊ መስመሩ፣ ምንጬ ካብ ክብርታት እቲ ስልጡን ህዝቡ ዝፈልፈለ ኮይኑ፣ ተመሊሱ ሓፋሽ ህዝቢ ድልየቱን ረብሕኡን ዝረውየሉ፣ ስውኣትና ዘሰከምዎ ሕድሪ ኣጽኒዑ ክኸይድ ከም ግዴታ ወሲዱ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ናይ መትከል ጉዳይ ምዃኑ፣ ብመጀመርታ ናይ'ቲ ዝበዝሓ ሓፋሽ ህዝቢ ብእኩብ መሰሉ ምኽባር፣ ልዕሊ ዝኾነ ውልቃዊ ጸቢብ ረብሓታት ዝሰራዕ፣ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘይኣቱ ቅኑዕ ፖለቲካዊ ኣታሓሕዛ፣ ነቶም ንመሰል ሰባት፣ ካብ ጸቢብ ኣመላኽታን ረብሓን ተበጊሶም፣ ዘይስነ-ፍልጠታዊ ምጉትን ትንታነን ክስን ዘቕርቡን ድማ፣ ነቲ ሓቂ ኮነ'ሎም፣ ንምጥምዛዝን ምድንጋራትን ኮይኑ፣

እቲ  ወግሐ ጸብሐ ኮነ ኢልካ ዝንዛሕ ዘሎ ጸለመታት፣ እዚ መንግስቲ'ዚ ከም'ቶ ናይ ካልኦት  ሃገራት መራሕቲ ዝገብርዎ ስለ ዘይተመራስሐ፣ ጸጋታት ሃገር ካብ ኣፍ ህዝቢ መንጢሉ፣ ሃብቲ ህዝብን ሃገርን  ኣሕሊፉ ስለ ዘይሃበ፣ ዝውሕዝ ዘሎ ልሙድ  ዝጸንሐ ሕማማት ምዃኑ ብተወሳኺ ሓቢሩ።

ይኹን እምበር መንግስቲ ኤርትራ፣ በነባብሮ ህዝቡ ንምምሕያሽ ዘመዝገቦ ጭቡጥ ለውጥታት'ዩ እቲ ሓቐኛ መርኣያኡ፣ ኣብ ትምህርትን፣ ጥዕናን፣ ውሕስነት መግብን ዝስተ ጽሩይ ማይን፣ ትሕተ-ቅርጺን፣ ኣብ መንጎ ከተማን ገጠርን ዝጸንሐ  ጋግ ኣብ ምጽባብ፣ ምዕዳል ሓይሊ ኤለክትሪክ፣ ምትእትታው ጽሬት፣ትሕተ-ቅርጺ፣ ብገዚፍ ወጻኢታት ሰሊዑ ዘመዝገቦ ለውጢ፣ ካብ ዝተፈላልያ ኣህጉራውን ውድባት እተረኸበ ኣሃዛዊ ጸብጻብን ዝርዝራቱን፣ ምስ ናይ ካልኦት ኣብ ሳሕለ-ሳሃራ ዝርከባ ሃገራት፣ ኤረትራ ዘላቶ ደረጃ፣



ሰጉማቶ ዘላ ዕብየት፣ ዘለዋ ውሽጣዊ ጸጥታን ምርግጋእን ክነጻጸር ከሎ፣ እቲ እተረኽበ ንጹር ሓበሬታ ብኣሃዛት ዝተሰነየ፣ ምስ'ቲ እዞም ኮነ ኢሎም መልክዕ ክድውኑዎ ተዓጢቖም ዘለዉ ኣካላት ዝነዝሕዎ መደናገሪ ኣሃዛት፣ ናይ መሬትን ሰማይን'ዩ ፍለልዩ ዘለዎ። እዚ ኸኣ ነቲ ትኽክለኛ ኣታሓሕዛን ሓልዮትን ዘርኢ፣ ጽቡቕ ምሳሌት መንግስቲ ኤርትራ ሓቐኛ ምስክር ምኧኑ፣ ዝያዳ ዘድምቕ ስእሊ እዩ ኢሉ።

እቲ ካልእ ዓቢ ክፍል ኣርእስቲ፣ ብዛዕባ እቲ ኣብ ሃገር ድሕሪ ነዊሕ ጻዕርን ትዕግስትን፣ ንኩሉ መሰናኽላት ብጥበብን ሜላን ምትዕጽጻፍን ሰጊረና፣ በጺሕናዮ ዘሎና ቁጠባዊ ዕብየት፣ ምስ ሓድሽ ኩነታት ዝዛመድ ሓድሽ ቁጠባዊ ፖሊስታት ተመዓራርዩ ምህላዉ፣ ማዕረ ዕድል ንዜጋታት ተኸፊቱ፣ በዚ መሰረት ንኣውፈርቲ ጥጡሕ ባይታ ተዋዲዱ ከምዘሎ፣ ኩሉ በቢዓቅሙ ከውፍር ዘሎ ኣኻእሎታት ሰፊሕ ምኧኑ ብምብራህ መግለጺኡ ዛዚሙ።









ፕሮፈሰር ተስፋይ መግለጺኡ ምስ ወድአ፣ መድርኽ ንሕቶን መልስን ርእይቶን ተኸፊቱ ። ህዝቢ በቲ ዝተዋህበ መግለጺታት ዕግበቱ ኣረጋጊጹ፣ እቲ ዝተዋህቦም ኣስተምህሮ ድማ ኣዝዩ ጠቓምን መሃርን ምዃኑ ኣምስጊኖም፣ መኸትኦም ኣሐይሎም ክሳብ መወዳእታ ዓወት ክምርሹ፣ ብዘይምሕላል ብተዓጻጻፊ ከም ዝዓዩ፣ ኣብ ጎድኒ ህዝቦምን መንግስቶምን ጠጥው ኢሎም፣ ካብኦም ዝሕተት ዘበለ ከወፍዩ፣ ቅርብነቶም ኣረጋጊጾም። ነቲ ተኸፊቱ ዘሎ ዕድላት ወፍሪ፣ እውን ብዝግባእ ክጥቀምሉ፣ ኣብርክቶ ክገብሩ ድልውነቶም ኣብ ቦትኡ ምህላዉ ሓቢሮም። ድሕሪ'ዚ ካብ'ቲ መደብ እተገብረሉ ቦታ፣ ናብ ማእከል ማሕበረ-ሰብ ኤርትራውያን ብምጉዓዝ፣ ነቲ ተዳልዩ ዝነበረ ናይ ምትሕቑቛፍ ድራርን ጸውታን ብሓባር፣ ዕዉት መደብን ብሕጉስ ምሸት ተዛዚሙ።

ዓወት ንሓፋሽ!!

መኸተና ክቕጽል'ዩ!!

ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ መኸተ፣ ከተማ ፊላደልፍያን ከባቢኣን።